# መሬት ክንቅጥቀጥ እንከሎ

## መሬት ክንቅጥቀጥ እንከሎ

**ድንን በል...**



**ተሸፈን...**



**ሓደ ነገር ሓዝ...**




City of Seattle

Seattle Emergency Management

Seattle Office of Emergency Management
www.seattle.gov/emergency
206-233-5076

# መሬት ክንቅጥቀጥ እንከሎ

- **መሬት ኣብ ዝንቅጥቀጠሉ ግዜ ኣይትጉየ።**
  መብዛሕትኡ ጉድኣት ዝወርድ፡ ካብ ዝወድቁ ነገራት እምበር ካብ ዝፈርሱ ህንጻታት ኣይኮነን።

- ኣብቲ ናይ መጀመርያ 3-4 ሴኮንድ ናይ ምንቅጥቃጥ ግዜ፡
  **ኣብ ትሕቲ ጣውላ ወይ መንበር ድነን፣ ተሸፈን ከምእውን ሓደ ነገር ሓዝ።**

- **ኣብ ጣውላ ዘይብሉ ቦታ እንተደኣ ኣሎኹም ኰንኩም ትሕት በሉ!**
  **ኣብ ታሕቲ፣ ኣብ መንጎ ወይ ኣብ ማእከል ኰንኩም ሕሰቡ።**
  ኣብ **ትሕቲ** ዝኾነ ጣውላ መንበር ሙኻን ዝበለጸ እዩ። **ብድሕሪ** ናይ ውሽጢ ገዛ መንደቕ ኮፍ በሉ። **ብድሕሪ** ከቢድ ኣቕሓ ትሕት በሉ። ኣብ ሲነማ፣ ቤተክርስትያን፣ ወይድማ ስተድየም እንተደኣ ኣሎኹም ኰንኩም፡ ኣብ **ታሕቲ ኣብ ሞንጎ** ሰድያታት በጥ በሉ። ኣብ ሱፐር ማርኬት እንተደኣ ኣሎኹም፡ ኰንኩም፡ ኣብ **ትሕቲ ከምእውን ብድሕሪ ናይቲ** ድኳን ዓረብያ **ድንን** በሉ።





- **ኣብ ኩፉት ቦታ ኣብ ወጻኢ እንተደኣ ኣሎኹም ኰንኩም...**
  ኮፍ ብምባል ርእስኹም በእዳውኩም ሸፍኑ።

- **ኣብ ወጻኢ ኣብ ጥቓ ህንጻ እንተደኣ ኣለኹም ኰንኩም...**
  ናብቲ ህንጻ ብምእታው ደሓን ዝኾነ ቦታ ድለዩ። ኣብ ወጻኢ ኣብ ጥቓ ህንጻ ዘሎ ቦታ፡ "ናይ ሓደጋ ቦታ" ተባሂሉ ይጽዋዕ።

- **መተሓሳሰቢ፥** ኣብ ግዜ ምንቅጥቃጥ መሬት፡ **ኣብ ጥቓ ኣፍደገ ዘሎ ቦታ** ካብ ሓደጋ ናጻ ዘይኮነ ቦታ ብምባል ይፍለጥ። ኣብ ግዜ ምንቅጥቃጥ ኣብ ጥቓ ማዕጾ ምኻን ኣጸጋሚ እዩ። ብዙሕ ግዜ እቲ ማዕጾ ክኽፈትን ክዕጾን እንከሎ ሓደጋ ስለዘውርድ።

Tigrinya